ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ
ሰውራዊ ባይቶ

جبهة التحرير الارترية
المجلس الثوري

ERITREAN LIBERATION FRONT
REVOLUTIONARY COUNCIL

# ደምዳሚ ኣዋጅ
# ራብዓይ ስሩዕ ኣኼባ ሰውራዊ ባይቶ

ሰውራዊ ባይቶ ራብዓይ ስሩዕ ኣኼባኡ፡ ካብ 17-19 ሓምለ 2004፡ ኣብ ካርቱም ኣካይዱ፤ ንዕማማቱ ብዓወት ከምዛሳለጠ ንኣባላት ውድብን ንመላእ ህዝቢ ኤርትራን ንፈተውትን የበስር።

እዚ ኣኼባዚ፡ ድሕርቲ ክልተ ኣባላት ፈጻሚ ሽማግለ ዝመርሑዎ ዘይምኽኑይ ምፍንጫል ዝተኻየደ መጀመርያ ስሩዕ ኣኼባ ኣብ ርእሲ ምንባሩ፡ ኣብ ሃገርና ናይ ዶብ ውግእ ሓደጋ እንደገና ንኸይባራዕ ኣስጋኢ ኩነታት ኣብ ዘንጸላለወሉ፡ ዲክታቶርያዊ ባህርያት ስርዓት ኢሳያስ ኣብ ናይ ዕንወት መስርሕ ኣብ ዘንቈልቈለሉ፡ ኩነታት ሓይልታት ተቓውሞ ተጠርኒፉ ንኽቃለስ ህዝብና ብዕቱብነት ጸቕጥታት ክገብር ኣብ ዝርከበሉ እዋን ብምክያዱ፡ ንሰውራዊ ባይቶ ከቢድ ሓላፍነት ዘሰከመ ኣኼባ ነበረ።

ራብዓይ ስሩዕ ኣኼባ፡ ኣብ ምጅማር ዕዮታቱ ካብ ፈጻሚ ሽማግለ ንዝቐረበሉ ናይ ሕሉፍ መድረኽ ጸብጻብ ኣጽኒዑ ኣጽደቖ። ከምኡውን ነቲ ህዝብና ኣብ ትሕቲ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ኢሳያስ ዝነብሮ ዘሎ ኣሰቓቒ ሃለዋት ኣብ ርእሲ ምግምጋሙ፡ እታ ብናይ ሰላሳ ዓመታት ብረታዊ ተጋድሎ ናጻ ዝወጸት ኤርትራ፡ ኣብ ትሕትዚ ስርዓትዚ ናይ ዝወደቐት ሃገር ምልክታት ተወንዚፋ ትጐዓዝ ከም ዘላ መዚኑ። ንድሕነት ሃገር ድማ ኩሎም እቶም ሓንቲ ዝሰመረት ብልጽግቲ ደሞክራስያዊት ሃገር ክትህነጽን ክትምዕብልን ዘገድሶም ሓይልታት ኤርትራ፡ ብስሙር ቅልጽም ነዚ ስርዓትዚ ንኸውድቑን ሓንቲ ንኹሎም ዜጋታታ ብዘይ ኣድልዎን ብማዕርነትን እትብጽሓም ዲሞክራስያዊት ኤርትራ ንኽሃንጹን ምስ ህሉው መድረኽ ዘሳኒ መሰጋገሪ መደብ ዕዮ ኣውጺኦም ብሓባር ንኽሰርሑ ህጹጽ ጠለብ ከም ዘሎ ተገንዘቡ።

ንኹነታት ሓይልታት ተቓውሞ ብዝምልከት፡ ራብዓይ ስሩዕ ኣኼባ ሰውራዊ ባይቶ፡ ኣብ ናይ ምብትታንን ምርባሕን ኩነት ዝጸንሐ ሓይልታት ተቓውሞ፡ ንሓደጋታት ምፍንጫል ድሮ ነቒሑሉስ፡ ኣብዚ መድረኽዚ መልክዕ ናይ ስርርዓቱ ከግህድ፡ እቲ ብፕሮግራም ደረጃ ዝመሳሰል ውድባት ድማ እናተቐራረበ ክጐዓዝ ይርአ ምህላዉ፡ ኣዎንታዊ ምልክት ምዃኑ ተገንዚቡ። ይኹንምበር፡ ልዕሊ ዕድመ ናይ መራሕቱ ክቕጽል ዘይክእል ጸቢብ ጥቕምታት ዝውክል ምንቅስቓሳት ምስሳኑ፡ ንመላእ ሃገራዊ ዕዮ ዘዳኽም፡ ንምልኣት ሃገርነት ኤርትራ ዝሃሲ፡ ኩነታት ንኸየስዕብ፡ መዋእል ግዝኣት ዲክታቶርያዊ ስርዓትውን ንኸናውሕ ዕድል ንኸይህብ፡ ዘስግእ ኩነታት ከምዘሎ ተገንዚቡ። በዚ መሰረት፡ ሃገራውያን ተቓለስቲ፡ ባህላውን ፖሊቲካውን ድሕረ-ባይታኦም ብዘየገድስ፡ ንሓንቲ ዲሞክራስያዊት ኤርትራ ብሓባር ንኽቃለሱ፡ ንኹሉቲ ናብ ምብትታን ዘምርሕ ማሕለኻታት ድማ ከፍሽሉ ጸውዐ።

ንኣተገባብራ ሓድነት ሓይልታት ተቓውሞ ኣመልኪቱ፡ ሰውራዊ ባይቶ፡ ነቲ ብ3 ጥሪ 2004 ዝወጸ ናይ ልፍንቲ (ስሙር ግንባር) እማመ ኣማዕቢሉ ኣብ ልዕሊ ምጽዳቑ፡ ብፍላይ ምስተን ብኣረኣእያን ብፕሮግራምን ምስ ውድብና ዝቀራረባ ውድባት እተጸንዐ ምጽንባራዊ ይኹን ልፍንታዊ ስጕምታት ሓድነት ክወስድ ቅሩብነቱ ኣረጋገጸ። ምስ ኩለን ውድባት ርኽክባቱ ከጽዕቕን ናብ ተግባራዊ መደባት ክኣቱን እውን ወሰነ።

ተቓላሳይ ህዝብና፡

ሃገርና ኤርትራ ብሰንከቲ ብጕዳይ ዶብ ዝፍለጥ ጐንጺ፡ ኣብ መንጎ መንግስቲ ኤርትራን መንግስቲ ኢትዮጵያን ዳግማይ ውግእ ንኸይባራዕ፡ ሰውራዊ ባይቶ ስግኣቱ ኣመዝጊቡ። ሎሚ እውን ኣቐዲሙ ንዝሓዞ እዉጅ መርገጹ ደጊሙ ብምርግጋጽ፡ ነቲ ብናይ ኤርትራን ኢትዮጵያን ኮሚስዮን ዶብ ዝተወሰነ ብይን፡ ንሰላምን ዞባዊ ርግኣትን ከምቲ ኣቐዲሙ ኣብ ምክትታም ዝተበጽሓሉ፡ ከም ናይ መወዳእታን ቀያድን ውሳኔ መጠን ቅቡል ኪኸውን ከምዝግብኦ ኣረጋጊጹ። ብመሰረት ኣህጕራዊ ሕግታትን ብሰላማዊ መንገድን፡ ኣብ ባይታ ናይ ምሕንጻጹ መደብ ንምጅማር ብሕቡራት መንግስታት ዝግበር ዘሎ ጻዕታት ከምዝድግፍ እውን ኣረጋጊጹ። በዚ መዳይዚ፡ ኩናት እንተተወሊዑ፡ ሰራዊት ኢትዮጵያ ኣበይ ጠጠው ከምዝብል ፍሉጥ ኣይኮነን ዝብል መግለጺ ሰበ-ስልጣን ኢትዮጵያ፡ ኣብ ልዕሊ ኢሳያስ ዘቕንዐ መልእኽቲ ጥራይ ካብ ምዃን ሓሊፉ፡ ልዑላውነት-ተንከፍ ምዃኑን፡ ኣስጋእነቱን ሳዕቤናቱን ከቢድ ምዃኑ ብምምዝጋብ፡ ኣብ ክንድዚ ኩሉ ናይ ልቦናን ናይ ሰላምን መንገዲ ኪመርጽ ኣማሕጺኑ።

ነቲ ካብ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ኣምሊጡ ኣብ ጐረባብቲ ሃገራት ኪዕቆብ ዝርከብ ኤርትራዊ ስደተኛ ኣመልኪቱ፡ ኣኼባ ሰውራዊ ባይቶ፡ ስደተኛታት ዘሕልፉዎ ዘሎዉ መሪር ኵነታት ብሰብኣዊ ዓይኒ ተመልከተ፤ ሓገዛተን ንዘወፍያ ዘሎዋ ጐረባብቲ ሃገራት እናሞገሰ፡ ኣብ ዝተፈላለየ ካልእ ቦታታት ገና ንሓደጋ ተሳጢሖ ብምህላዉ ድሕነቱን ሰብኣዊ መሰላቱን ንኽሕሎ ኩሉ ዝከኣል ጸዓታት ኪካየድ ምዃኑ ኣረጋጊጹ። ብፍላይ እቶም ኣብ ሊብያ ኣትዮም ዝጸንሑ መንእሰያት ከኣ፡ ከምቲ ኣብ ሃገር ማልጣ ዘጋጠመ፡ ናይ ምስጓጉ ሓደጋ ንኸየጋጥሞም እናሰግአ፡ መንግስቲ ሊብያ ንጕዳዮም ብሰብኣዊ ዓይኒ ክምልከቶ ኣማሕጺኑ።

ተቓለስቲ ኣባላት ውድብ፡

ሰውራዊ ባይቶ ንውድባዊ ሃለዋቱን ንኣሰራርሓኡን ብዘርኢ፡ ብፍላይ ምፍንጫል ድሕሪ ምርካቡ፡ ዕቤትን ኣድማዕነትን ውድብ ንኸይህሰ፡ ኣብ ሃገር ሱዳን፡ ኣብ ኢትዮጵያ፡ ኣብ ኤውሮጳ፡ ኣብ ኣመሪካ፡ ኣብ ካናዳ፡ ኣብ ማእከላይ ምብራቕ፡ ኣብ ኣውስትራልያ፡ ኣውራ ድማ ኣብ ሰራዊት ሓርነትን ኣብ ውሽጢ ኤርትራን ኰይኖም ብዝለዓለ ጽንዓትን ብተወፋይነትን ዝቃለሱ ዘሎዉ ኣባላቱ ዕዙዝ መጐሱ ኣመዝጊቡ።

ሰውራዊ ባይቶ፡ ንመጽናዕታቱ ድሕሪ ምፍጻም ኣብ ኩሉ መዳያት ስራሕ ናይ መጻኢ እዋን መደብ ዕዮ ኣጽዲቑ። ሻድሻይ ጠቕላል ሃገራዊ ጉባኤ ኣብ እዋኑ ንኽጽዋዕ ኣብ ርእሲ ምውሳኑ ድማ፡ ፈጻሚ ሽማግለ በቲ ሰውራዊ ባይቶ ዝሃባ መምርሒ መሰረት ኣሰናዳኢ ሽማግለ ከተቕውምን ጉባኤ ንምዕዋት ዘኽእል ኣድላዪ ምቅርራባት ክትገብርን መዘዘ። ብተወሳኺ፡ ንጽፈት ኣሰራርሓ ውድብ ከረጋግጽ ከይሰልከየ ንዝተቓለሰ ንዕቤት ውድባዊ ብቕዓትና ድማ ዕዙዝ ኣበርክቶ ንዘወፈየ ብጻይና የማነ ገብረስላሴ፡ ጠቕላል ተቈጻጻሪ ውድብ፡ ብምዝካር መስዋእቱ ንውድብና ዓቢ ክሳራ ከምዝነበረ ብሓዘን ተመልኪቱ፤ ንሓደ ደቒቕ ናይ ሕልና ዝኽሪ እውን ገበረ። ቀጺሉ ድማ፡ ንዝተረኽበ ባዶነት ንምምላእን ዝተጀመረ ዕማም ንምዕዋትን ሓድሽ ጠቕላል ተቛጻጻሪ ሰየመ።

ራብዓይ ስሩዕ ኣኼባ ሰውራዊ ባይቶ፡ ንህዝብን መንግስትን ሱዳን ኣብ ርእሰ-ከተማኦም ንኣኼባ ሰ-ባይቶ ምእንጋዶም፡ ኣብ ዝተፈላለየ መዳያት ናይ ስራሕ ድማ ሓገዝን ምትሕብባርን ብምብርካቶም ሰላምታኡን ምስጋናኡን ኣቕሪቡ። ነቲ መንግስትን ተቓውሞን ሱዳን ግርጭታቶም ብሰላም ንምፍታሕ ዘካይዱዎ ዘሎዉ ጸዓታት ብምምጓስ እውን ብዓወት ክዛዘም ዘሎዎ ምንዮት ገሊጹ።

ኣኼባ፡ ንሽግራት ማእከላይ ምብራቕ ኣልዒሉ፡ ነቲ ኣብ መንጎ ፍልስጥኤምን እስራኤልን ቀጻሊ ኰይኑ ዘሎ ሽግር፡ ህዝቢ ፍልስጥኤም ናጻን ልዑላዊትን ሃገሩ፡ ክምስርትን ሰላምን ርግኣትን ኣብ ዞና ክሰፍንን ዘኽእል ሰላማዊ ፍታሕ ንኽብጻሕ ንዘሎዎ ነባር መርገጽ ደጊሙ ኣረጋጊጹ።

ኣኼባ ሰውራዊ ባይቶ፡ ኣብ ምዝዛም ስርሓቱ፡ ንመጻኢ ግዜ ንኽመርሓ ንሰክረታርያ ባይቶን ንፈጻሚ ሽማግለን ደጊሙ እምነት ብምሃብ መረጸ፤ ንኣኼባኡ ድማ ብክብ ዝበለ ኣሳልጦ ደምደመ።

ሓድነት ሃገራዊ ሓይልታት ተቓውሞ ይደልድል
ክብርን ዝኽርን ንጀጋኑ ስዉኣትና

ሰውራዊ ባይቶ
ካርቱም፡ 19 ሓምለ 2004